# ሰንበት ዘስብከት

7ታሕሣሥ 2016 ዓ.ም. (12/17/2023) ።

**መዝሙር፡** ወልዶ መድኅነ ንሰብክ . . . ቅድሚ ዓለም ዝነበረን ዘሎን መድኅን ንሰብኽ፥ አኽሊል ናይ ሰማዕታት ሰያሚ ካህናት ተስፋ ናይ መነኮሳት፥ ወልድ መድኅን ንሰብኽ፥ ንመድኃኒ ወዱ ንሰብኽ።

**ንባባት፡** ዕብ፡1፡1-ፍ፤ 2ጴጥ. 3፡1-10፤ ግ.ሓ. 3፡17-ፍ፤ ዮሓ 1፡44-ፍ።

**ስብከት፡** ፈኑ እዴከ እምአርያም፥ወአድኅነኒ ወባልሓኒ እማይ ብዙኅ፥ ወእምእደሆሙ ለደቂቀ ነኪር። ኢድካ ካብ ላዕሊ ስደድ ካብ ዓሚቕ ማያት አውጽአኒ፥ ካብ ኢድ ወዲ ጓና አናግፈኒ።

ካብ 7 ታሕሣሥ ክሳብ 26 ታሕሣሥ ዘሎ ዘመነ ስብከት ወይ ምጽአት ይብሃል። ሰለስተ ሰናብቲ ዝሓዘ እዩ፥ ዘስብከት፥ ዘብርሃን፥ ዘኖላዊ ይብሃል። ሓሓደ ጊዜ ከአ 4ይ ዘመርዓዊ ይውሰኾ። ዘስብከት ዘብሎ ነብያት ጎይታና ብሥጋ ምውላዱ አስፊሖም ብትንቢት ብትምህርቲ ስለ ዘስተምሃሩን ዝሰበኹን ቤተክርስትያን ነዚ እናሓሰበት ሰብ ንምድኃን ናብ ምድሪ ንዝመጸ አምላኽ እትሰብከሉ እዋን ስለ ዝኾነ እዩ።

ድሕሪ ውድቀት ቀዳሞት ወልድና ደቂ ሰብ ዘንጋዕቲ ጠለምቲ ናይ ምኂን ባሕርይ ስለ ዘጥረና ዘዘኻኸረና ንደሊ አብቲ ምንጪ ዝኾነ አምላኽ ምእንቲ ክንምለስ። ነብያት ንቅድሚ ክርስቶስ ዝነበሩ ሰቢኾም ተመለሱ ተንስሑ አብ አምላኽ ጥራሕ እንተ ተጸጋዕኩም ኢኹም ሰላም ዓወት ምዕባሌ ልዕሊ ኹሉ ፍቕርን ተስፋን እትረኽቡ እናበሉ ሰቢኾም፥ ብፍላይ ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕ አብ ዋዜማ ልደት መድኃኒ ተነስሑ ጎቦ ዘበለ ለጥ ይበለ ጉድጓድ ዘበለ ይምላእ ጥውይዋይ ዘበል ትኽ ይበል እናበለ ንልደት መድኃኒ ዘብዕል ክገብሮ ዘለዎ አብሪሁ ነጊሩና። ስብከት ንደቂ ሰብ አብ አምላኽ ዘቕርብ ስለ ዝኾነ አብ ሓዲስ ኪዳን እውን ቀጺሉ። ካልአይ አካል ቅድስት ስላሴ ሥጋና ምስ ለበሰ ኩሉ ሕይወቱ አብ ስብከት አሕሊፍዎ ነቲ ንሱ ዝሰበኾ ተኸተልቱ ክቕጽልዎ ተላቢይዎም። ናብ ኩሉ ክድኩም ስበኹ ኢልዎም።

ክርስቶስ ሥጋና ካብ ማርያም ለቢሱ ድሕነት ምስ አምጽአልና እውን እቲ ናይ ምዝንጋዕ ባህሪና ስለ ዘይሓደገና ዘዘኻኽረና የድልየና። ነዚ ሓልፍነት ንቤተክርስትያኑ ሂቡልና። አብ ክርስቶስ ክንምለስ ተዘኻኺረና ከምኡ ነቲ ዘድሊ መገዲ ትሕብረና። እዋኑ እምብአር ንክርስቶስ ክንቅበል አብ ግላውን ሓባራውን ሕይወትና ክንቅበሎ እንስበኸሉ እዋን እዩ። ኩልና ብጥምቀት አብ ክርስቶስ ዝአመና ክንሰብኽ ትሑዛት ኢና።

ናይ ክርስቶስ ምጽአት ክልተ ምጽአት ዝሓዘ እዩ። ቀዳማይ ምጽአት ብነብያት ዝተሰብከ ናይ ምድኃኒና ልደት እዩ። ኢየሱስ ክርስቶስ ሥጋና ለቢሱ አብ መንጎና ምስ ሓደረ ተፈጺሙ። ካልአይ ምጽአቱ ጌና እንጽበዮ ዘሎና አብ መወዳእታ ዓለም ዝኸውን ምጽአት እዩ። ነዚ ዳግማይ ምጽአት ኢና ብዝያዳ እንዝክር ዘሎና ምስ ልደት ዝተተሓሓዘ ስለ ዝኾነ ብዙሕ አይነድህበሉን ኢና መዛሙርና እንተ ረአናዮም ንዳግማይ ምጽአት እዮም ዘሰናድዉና። ንሎሚ አብቲ ንዳግማይ ምጽአት ክርስቶስ ዘሰናድወና ኢና ክነስተንትን። ቅድሚ ናብ ዳግማይ ምጽአት ምሕላፍና ልደት ክርስቶስ ነቲ ካልአይ ምጽአት ከብርሃልና ምእንቲ ምስኡ አተሓሒዝና ክንርእዮ።

አብ ዘመነ ምጽኣት አብ ልደት ክርስቶስ መድኃኒና አብ እንዝክረሉ ዕለት ገጽና ንኽይድ ስለ ዘሎና ንአምላኽ አብ ምቕባል ክንሰናዶ አብ መንጎና ቦታ ክንህቦ ከም ሰብ አብ መንጎና ንዝሓደረ ክንቅበሎ ናይ ሓቂ ምስንዳው የድልየና። ዓቢ ጋሻ ይመጽአና አሎ ኩልና ክንቅበሎ አሞ ጋሻና ክንገብሮ ዕዱማት ኢና። ንዝመጽእ ጋሻና ካብ ምቅባል ዘንጊዕና እንተሎና ጸልማት ተኸዲና አሎና ማለት እዩ፥ ስለዚ ኩነትና ክቕየር ንጸሊ። ነዚ ክቡር ምጽኣት ምድሓኒና ብግቡእ ምእንቲ ክንቅረብ ክሕግዘና ክንሓቶ ዝግብአና ነገራት አሎ ስለምንታይ እዚ ኮይኑ? ከመይሉኸ ሕጂ ሎሚ ንሕይወተይ ክትንክፎ ይኽእል። ልደት አብ ግልዊ ሕይወተይ እንታይ ለውጢ የምጽአለይ? እዝን ካልእ ሕቶታትን ንልደት ብፍሉይ ክነብዕል ዝሕግዘና እዩ።

አብዚ ውሽጢ ሰለስተ ሰናብቲ እምብአር ነቲ ሥጋና ዝለበሰ አምላኽ አብ መንጎና ክነሕድሮ ክንቅበሎ ልብና ክንከፍተሉ ክንሰናዶ ግቡእ እዩ። ኢሳያስን ካልኦት ነብያትን ንምጽአቱ ክንሰናዶ ዝአክል የምህሩና በዚ እዩ ብዙሕ ካብ ነብያት አብ ሉጥርግያ ጸሎታትናን ከምኡ አብ ኩሉ ጸሎታትና ተጠቒሱ እንረኽቦ።

ንብዓል ልደት ክንዝክር ከሎና ንስለ ዝኽሪ ቅድሚ 2000 ዓመት ንዝኾነ ልደት መድኃኒና ጥራሕ አይኮናና እንዝክሮ። ምኽንያት ዝኽሪ ብዓልና ብምልኡ አብቲ ቀንዲ ምኽንያት ልደት ክርስቶስ ማለት ስለምንታይን ምእንቲ ምንታይ ሥጋና ከም ዝለበሰ ክንሓስብ ምእንቲ እዩ። ስለዚ ገለ ሕቶታት ክነልዕል ንኽእል አብ ሕይወትና አበይ ገጽና ንጉዓዝ አሎና? መጨረሽታና እንታይ እዩ? እዚ ክንሓትት ከሎና ንድሕሪት ክንጥምት ዘይኮነ ንቕድሚት ክንጥምት ይነግረና። እቲ ሕቶ ከመይ ኢልካ ከምእትሰናዶ እዩ።

ካልእ ክንሰናደወሉ ዝግብአና ምጽአት አሎ። ወንጌል ማቴዎስ 24፡37-44 እንተ ረኤና ንኻልእ ምጽአት ክንሰናዶ ይነግረና። ብዙሕ መጠንቀቕታ እናሃበ ብዛዕባ ዳግማይ ምጽአትን ክንሰናደወሉ ዘሎና ነገራት ይነግረና። ዳግማይ ምጽአት ኢየሱስ ንሱ ንጉሥን ጎይታን ኮይኑ ብግርማ ነቶም ብእምነት ንመጸዋዕታ ናብ መንግሱቱ ዝሰምዑ ክጽውዕ ክመጽእ እዩ ይብለና። ዘመነ ምጽአት እምብአር ነዚ ዳግማይ ምጽአት ጎይታና ክንሰናደወሉ አብ ዝኾነ እዋን ኢየሱስ እንተመጽአ ክንቅበሎ የዘኻኽረና።

አብ ትንቢት ኢሳያስ 2፡1-5 ዘሎ እንተ አንበብና አብሪሁ ይነግረና። እምባ ጽዮን ከተማ ኢየሩሳሌም ተደኩናቶ ዘላ፥ ከም ቅዱስ እምባ ተራእየ፥ ማእከልን ናይ ምድርን ኩሉ ዓለም አብኡ ዘተኩሩሉ ኮይኑ ተራየ። እናበለ አብ መጨረሽታ ኩሉ አብ አምላኽ ከም ዝውዳእ ኩሉ ዓለም ተወዲኡ አምላኽ ማእከል ናይ ኩሉ ምኺኑ ይገልጽ። አብዚ እቲ ቀንዲ ሓሳብ እስራኤል ብርሃን ነገስታት እያ። እስራኤላውያን ንኻልኦት ክሰብኩ ወይ ክነግሩ አይኮነን ዝድለ ዘሎ እንታይድአ ብአምልኾኦም አብ ጽዮን ንኻልኦት ክማርኹ ክስሕቡ። ከምዚ ርድኢት ዝሓዙ ኩሉ ዓለም አብ ኢየሩሳሌም ክመጽኡ ክእከቡ እሞ አብኡ ዝለዓለ አምልኾ አምላኽ ክርእዩ። ኩሎም አህዛብ ንእምባ ጽዮን ገጾም ክውሕዙ እዮም ማእለያ ዘይብሎም ናብአ ክውሕዙ እዮም ከምዚ ኸአ ክብሃሃሉ እዮም ንዑናይ ናብ እምባ እግዚአብሔር ናብ ቤት አምላኽ እስራኤል ንደይብ። ንሱ ፍቓዱ ኽምህረና እዩ፥ ንሕና ኸአ ኸም ፍቓዱ ኽንገብር ኢና ክብሉ እዮም። በዚ ርድኢት አግዚአብሔር አብ ዙርያኡ ዝእከቡ ንሱ ኸአ ከም ፈራዳይ ኮይኑ ይግለጽ። መሳርያታት ውግእ ኩሉ ክዓኑ እሞ አብ ናይ ሰላም መጋበሪ አብ ናይ ሕርሻ ናውቲ ክውዕልዎ እዮም። ኸው መወዳእታ ናይ ውግእን ምቅርራብ ንውግእን አብ መንጎ መንግስታት ክኸውን እዩ።

ነዚ ናይ ኢሳያስ ትንቢት ከም ክርስትያን ክንነንብቦ ከሎና ዓሚቕ ርድኢት ይህበና። እቲ ሓዲስ ቤተ መቕደስ አምላኽ ተባሂሉ ዘሎ ናይ ኢየሱስ ሰውነት ማለት ካልአይ አካል ቅ. ስላሴ ሥጋ

ዝለበሰሉ እሞ ኣብ መንጎና ዝሓደረሉ የመልክት። ኣብ ቤተልሔም ኣብ ዓባይ ከተማ ዘይኮነ ክርስቶስ ተወሊዱ። እቲ ሕፃን ኣብ በዓቲ ተወሊዱ ኩሎም ዝበጽሕዎ ኣብ ሑቕፊ ኣዲኡ እንከሎ ረኺብዎ። እቶም ጓሶት ናብዚ ቤተመቕደስ በዓቲ እዮም ክበጽሕዎን ክሰግዱሉን ዝተዓደሙ። ካብዚ ቤተምቕደስ በዓቲ ኢና ብመገዲ ኣምላኽ ክንጉዓዝን ክንከይድን እንመሃሮ። ንሱ ኸኣ ንጉሥ ሰላም እዩ።

ወንጌል ብዛዕባ ዳግማይ ምጽኣቱ ብዙሕ መጠንቀቕታት ካብ ኢየሱስ ይህበና። ናይ ኖኅን ማይ ኣይኅን ይጠቅስ። ሰባት ይበልዑ ይሰተዩ ይምርዓዉን የመርዕዉን ነሮም ብዘይተሓስበ ብሃንደበት ኩሎም ካብ ገጽ ምድሪ ጠፊኦም። ኖኅን ስድርኡን እንስሳታትን ምስኦም ዝወሰድዎም ጥራሕ ተሪፎም። ምጽኣት ወድሰብ ከምኡ ክኸውን እዩ ይብል ኢየሱስ።

መጨረሽታ ዓለም ክንብል ከሎና መጨረሽታ ፍርዲ ኣይኮናን እንብል ዘሎና። መጨረሽታ ፍርዲ መዓልቲ ኩሎም ዝእከቡላ ኣይኮነትን እንታይ ድኣ ነፍሲ ወከፍና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ገጽ ንገጽ እንቕመላ እያ። ብዛዕባ ክልተ ሰባት ኣብ ግራት ዘለዉ ንሓደ ወሲዶም ንቲ ሓደ ክወስዱ እዮም ክልተ ኣንስቲ ኣብ ሓደ መጥሓን ክጥሕና ከለዋ ነታ ሓንቲ ወሲዶም ነታ ሓንቲ ክሓድጉ እዮም ከምኡ ዘኣመሰለ ኣብ ሕይወትና ዝረኣናዮ ይህሉ ይኸውን ኣብ ከተማ ኒዮርክ ኣብ 9/11 ዝተራእየ ብዙሓት ኣብተን ክልተ ህንጻታት ተዓጽዮም ብዙሓት ካልኦት ከኣ ክሃድሙ ክኢሎም ነዚ ዝተዓዘቡ ብዙሓት ብዙሕ ክሓስቡ ክኢሎም እዚ ስለምንታይ ንኣኦም ገጢምዎም ስለምንታይ ንኣይ ዘይገጠመኒ እናበሉ ኣብ ዓሚቕ ኣስተንትኖ ክኣትዉ ሓጊዝዎም።

ኩሉ ጊዜ ተሰናዲኹም ጽንሑ ይብለና ኢየሱስ። ምኽንያቱ ኅይታኹም ዝመጸላ ዕለት ኣይትፈልጡን ኢኹም። እዚ ንኹሎም ኣብ 9/11 ዝነበሩ ከምኡ ንኹሎም ዘይተሓስበ ሓደጋ ዘጋጠሞም ናይ ልቢ ሕማም ከምኡ ካልእ ሃንደባታዊ ሕማማት ዘጥቅዖም ክዕዘብዎ ይክኣል። ካብዚ መጠንቀቕታ እዚ ከምልጥ ዝኽእል የለን።

ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 13፡11-14 ተመሳሳላይ መጠንቀቕታ ይህበና። ነቶም ክርስትያን ካብቲ ንስኹም ንላዕሊ እትግምትዎ መዓልቲ ድሕነት ቀሪባ ኣላ እሞ ንቕሑ ይብል። ለይቲ ኃሊፋ መዓልቲ ቐሪባ እያ። ስለዚ ግብሪ ጸልማት ካባና ደርቢና ኣፅዋር ብርሃን ንልበስ። እዚ መጠንቀቕታ ንኹልና ዝርኢ እዩ። ነፍስወከፍና ኣብ ውሽጥና ይንኣስ ይዕበ እንሓብኦ ድኽመት/ ኃጢኣት እንተ ኣብ ዝሓለፈ ወይ ኣብዚ ዘሎናዮ እዋን ኣሎና። እምብኣር ሎሚ እዋኑ እዩ። ኣብ ብርሃን ወጺእና ብኃጢኣትና ተኣሚና ንኣምላኽ ሓንቲ ከይሓባእና ክንቀርቦ። ንሱ እውን ሕጂ እዋኑ እዩ ንኹሉ ሞራላዊ ውድቀት ዝገጠመና ሓዲግና ኣብኡ ክንቀርብ ይነግረና። (ጓይላ ስኽራን ምንዝርና ዕብዳን ባእሲ ቅንኢ) ክንሓድግ ይደልየና።

ከምዚ ካብ ኮነ ነቲ ቀዳማይ ምምጻእ ክነኽብር ነቲ ካልኣይ ምምጻእ ክንሰናዶ እንተኾና ዕለታዊ ሕይወትና ከም ንምጽኣት ጎይታ ገርና ክነብሮ ይግብኣና። ንመጻኢ ዝመጽእ ነገራት ኣይኮናን እንሰናዶ ከምኡ ብፍርሒ ነገራት እንሓድግ ወይ ከኣ ንፍርዲ እግዚኣብሔር ፈሪሕና ዘይኮነስ ዕለት ዕለት ከም ምጽኣት ጎይታ ገርና ርኢና ክንሰናዶ ኣሎና። እቲ ዝበለጸ ምስንዳው እምብኣር ንመዓልታዊ ሕይወትና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እንተ ነበርናዮ እዩ፥ ንኣምላኽ ኣብ ኩሉ ሕይወትና ህልዊ እንተገበርናዮ እሞ ኩሉ ብመገዱ እንተኸደ። ገለ ጸሓፍቲ ነዚ እንታይ ይብልዎ ምልክት ኣምላኽ ማለት ነፊሲ ወከፍ ናይ ሕይወትና ነገር፥ ዝኾነ ተግባርና፥ ዝኾነ ሰብ፥ ተግባር ዝኾነ ቃል እኮታስ ኩሉ ነገርና ምልክት ህላዌ ኣምላኽ ኣብ መንጎና ክኸውን ኣለዎ። ሕይወትና ብምልኡ ኣብትሕቲኡ እንተ ኣንበርናዮ ኣብኩሉ ተግባራትና ኢድ እግኢኣብሔር ኣንተ ኣልኦ ወላ ኣብታ መጨረሽታ መጸዋዕታና ኣይክንፈርሕን ኢና። ዘንጊዕና ኣይክንጸንሕን ኢና። ኣብ

ዝገጠሙ ዓበይቲ ሃንደበታዊ ጸገማት ክንርኢ ከሎና ምናልባት ናይ እቲ ጸገም ግዳያት መዓልቶም ምስ ኣምላኽ ከለዉ ገጢምዎም ክኸውን ይክአል እዩ ኣብ ምሉእ ውህደት ምስ ኣምላኽ ከለዉ ኢጋጢምዎም ክኸውን ይክአል እዩ፥ ሓንቲ ኣይንፈልጥን ኢና። ስለዚ ተሰናዲና ክንጽንሕ እዩ እቲ መጸዋዕታ።

ብዝኾነ ብዙሕ መጠንቀቕታ ተዋሂቡና ኣሎ እዚ ግን ፍርሒ ክሓድርና ምእንቲ ኣይኮነን። ክንብርትዕ ኩሉ ጊዜ ነቒሕና ክንጸንሕ ከበራትዓና ምእንቲ እዩ። ኣብ መግዲ እቲ እነፍቅሮ ኣምላኽ ክነብር ምእንቲ እዩ።

ሎሚ እምብአር ኣብ ልብና እንምለሰሉ ንኣምላኽ ኣብ መንጎና ክሓድር እንዕጠቐሉ ንኹሉ ሰናይ ክንገብር ቁርጺ ፍቓድና እንሓድሰሉ እዋን ምሕረት እዋን ጸሎት እዋን ንስሓን ተጋድሎን እዩ። ኢየሱስ ጎይታና ብናይ ዓለም ነገራት ወይ ባዕልና ብዝፈጠርናዮ ሕማም እና ተሳቐና ክንቅበሎ ኣይደልን እዩ። ንሱ መብራህቲ ወሊዕና እጸበየካ እሎኹ ንዓ ምጻእ እናበልና ከሎና እዩ ክመጽእ ዝደሊ።ድልዋኒክሙ ንበሩ ኩሉ ጊዜ ተሰናዲኩም ጽንሑ እዩ እቲ ዝተዋህበና ለበዋ፥ እሞ ኸድአ ከመሎና ሎሚ መጺኡ ተበገስ እንተ ዝብለና ስንድዋት ዘሎና እስከ ኣብ ውሽጥና ኣቲና ኩነታትና ንገምግም። ንውሃቢ ብርሃን ክርስቶስ ኢድካ ስደደልና እሞ ክነጽሕ ኢና እናበልና ንኹሉ ከምቲ ንሱ ዝደልዮ ክንገብሮ ጸግኡ ይዓድለና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ